OOBAMA VISION OF HOPE
(E) ozjsfamily@gmail.com (P) 0401939247
(W) http://www.ozovoh.org/
*ግጒይ መረዳእታ ህዝብን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂን!*

## “ፍቕሪ ንኣምላኽ ከኣ ትእዛዛቱ ምሕላው እዩ፥ ትእዛዛቱ ኸኣ ከቢድ ኣይኮነን።” 1 ዮሃንስ 5:3

ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ብቛንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ዝታደለወ ሕታም ጽሑፍና፥ ኣብ ህይወትና ሰላምን ሓጎስን (HAPPINESS) እንስእነሉ ገለ 7 ዝኾኑ ምኽንያታት ገሊጽና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ንኣብነት ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ወይ ሰብኣይ ካብ ሰበይቱ ሓጎስ ንምርካብ ዝጸንሖ ዓቢ ትጽቢት ምስ ዘይሳኻዕ፤ ወይ ኣምላኽ ንዕኡ ብፍሉይ ዝሃቦ ዓቕምን ክእለትን ብምዝንጋዕ ንገዛእ ርእሱ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ምውድዳር ግዚኡ ኣብዚ ናይ ውድድር መድረኽ'ዚ ምስ ዘባኽን ሓጎሱን ሰላሙን ክውሰድ ከም ዝኽእል ...ዝብሉ ነጥብታት ጠቒስና ኔርና። ንሎሚ ኸኣ ምስ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቅዱስ ጽሑፍ ብምዝማድ እቲ ሰባት ሰላምን ሓጎስን ዝስእንሉን ኣብ ፍጹም ፍርሃትን ስግኣትን ከኣ ዝሽመሙሉን ቀንዲ ምኽንያት ክንርኢ ኢና።

እዚ ኣብ ላዕሊ ብሃዋርያ ዮሃንስ ዝተጻሕፈ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ብንጹር ከምዝሕብረና ትእዛዛት ኣምላኽ ምፍጻም ፈጺሙ ከቢድ ከም ዘይኮነ እዩ። Wait a minute...እቲ ንዝጸልኡኹም ኣፍቅሩ ወይ ንዝረገሙኹም መርቑ ወዘተ...ዝብል ትእዛዝ ከቢድ ዘይኮነሉ ምኽንያት ከመይ እዩ? ዝብል ሓታቲ ክርከብ ይኽእል ይኸውን። እቲ ቕዱስ ጽሑፍ “ትእዛዝ ኣምላኽ ንምፍጻሙ ከቢድ ኣይኮነን።” እንተድኣ ኢሉ ከይተኸራኸርና ኽንቅበሎ ጥራይ እዩ ዝግብኣና። ምኽንያቱ እዚ ቃል እዚ ናይ ኣምላኽ እምበር ናይ ሰባት ቃል ስለዘይኮነ። ከቢድ ዝገብሮ ምኽንያት እንተልዩ ግና ኣብ ትሕቲ ምሉእ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣጽሊልና፡ ኣብ ጸጋን ሓይልን ኣምላኽ ከኣ ተወኪልና ነቲ ትእዛዝ ኣብ ክንዲ ምፍጻም፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ዓቕምን ክእለትን ተወኪልና ክንፍጽሞ ስለ እንፍትንን “ፍቕሪ ንኣምላኽ ድሓር ከኣ ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ” ዝብል ኣብ ክንዲ ምቕዳም “ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ ድሓር ከኣ ፍቕሪ ንኣምላኽ” ብዝብል ቀዳምነት ክንትክኦ ስለእንፍትን ጥራይ እዩ።

እዚ ቀዳምነት ዝብል ሓሳብ ምርኩዝ ብምግባር ኣብ ህይወተይ ካብ ዝተመኳርክዎ ምስ እዚ ሓሳብ እዚ ዝተኣሳሰር ገለ ኣብነት ክጠቅስ። ኣምላኽ ንዓይ ንምፍቃር ዝኸፈሎ ኣዝዩ ዓቢ ዋጋ፡ማለት እቲ ሓደ እንኮ ዘፍቅሮ ወዱ ንዓይ ክብል ንሞት ኣሕሊፉ ብምሃቡ ኣባይ ዝገለጾ ፍቕሪ ኣብ ቅዱስ ጽሑፍ ኣብ ዘንብበሉ እዋን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዝምርምረሉን ዘስተንትነሉን (Meditate) ኩሉ እዋን ልበይ ብፍቕሩ ይመልእ እሞ ንኻልኦት ሰባት ንፍቃርን ሕድገት ንምግባርን ኣዝዩ ቀሊል ኮይኑ እረኽቦ። ነዚ ቓል እዚ ምምርማር ኣብ ዘቋርጸሉ እዋን ከኣ ብኻልእ ሸነኽ፡ ዋላ'ውን እታ ንእሽቶ ቅድሚ ገለ ዓመታት ብገለ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ኣብ ልዕለይ ዝተፈጸመት በደል ብምዝካር ንኽቕየም እደናደን። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ሰላመይን ሓጎሰይን ይውሰድ እሞ፡ ህይወተይ ኣብ ዓቢ ናይ ፍርሃትን ስግኣትን ሃዋህው ተሸሚማ እረኽባ። እሞኸ ድኣ ሎሚ ካብ ፍርሃትን ስግኣትን ርሒቕና ብሰላምን ሓጎስን ክንነብርዶ ንምነ ኢና? ተእዛዛቱ ቅድሚ ምፍጻምና ንዕኡ ንኣምላኽ ቅድም ብኹለንትናና ነፍቅሮ!!!

ሰላም ቅነ!!

*ዲያቆን ኢያሱ (ኦባማ)*